# ናይ ወጻእተኛ ኣባላት ትልሚ

Meuhedet ናይ ወጻእተኛ ነበርቲ ኣማዊል (ኣብ እስራኤል ቀዋሚ ተቀማጣይ ዘይኮኑ) ንዝኾኑ ሰባት ኣግልግሎት ሕክምና ናይ ምቕራብ ትልሚ ብኽብሪ የቕርብ።

ናይ ወጻእተኛ ነበርቲ ኣማዊል (ኣብ እስራኤል ቀዋሚ ተቀማጣይ ዘይኮኑ) ንዝኾኑ ሰባት ኣግልግሎት ሕክምና ዘቐርብ ትልሚ ዝለዓሉን ዝሓሸ ጽሬት ዘለዎም ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዘለዎ እንትኾን እዚ ድማ ዘካትት፡

ቀዳማዊን ሞያዊ ግልጋሎታት ሕክምና፣ ኣብያተ መድሃኒት፣ ኣገልግሎታት ላብራቶሪ፣ ትካላትን ካልኦት ኣገልግሎታት ኣብ እስራኤል ዝርከቡ ጉጅለታት ሕክምና ዝሓዘ እዩ። ኣብ “Meuhedet” ዝርከቡ ዝለዓለ ብርኪ ዘለዎም ኣገልግሎታት ኣብ እስራኤል ንዝነብረኩም ጻንሒት ንዓኹምን ንቤተሰብኩም ናይ ኣእምሮ ሰላም ይህበኩም።

እዚኦም ኣገልግሎታት ድማ ኣብ Meuhedet ዓውደ ፋእሚ ብተዘረዘሩ ድንጋገታት ዝምራሕ እዮም.

ናብ ትልሚ ቅድሚ ምእታው ብኽብረትኩም ነዚኦም ደንቢታት የንብቡ፤ ኣብቲ ትልሚ ዝነብረኩም መሰላት ንምፍላጥ የኽእለኩም።

## ንብ ትልሚ ምጽንባር፡

ኣበ እስራኤል ዝነብርን ብመሰረት ሃገራዊ ጥዕና ኢንሹራንስ ሕጊ ውሕስና ዘይብሉ ዝኾነ ሰብ ዕድሜኡ ትሕቲ 65 እንተኮይኑ እቲ ትልሚ ናይቲ ትልሚ ኣብል ንምኟን ከመልከት ይኽእል እዩ።

ናይቲ ትልሚ ኣባል ንምኟን ዘድልይ ከይዲ መመልከቲ ምቕራብን ኣብ መላእ ሃገር ናብዝርከቡ ናይ Meuhedet ክሊኒካት ብምቅራብ ናይ ጥዕና መግለጺ ምምላእ ይውስኽ። እቲ ናይ ጥዕና መግለጺ መመልከቲ ኣበዝቐረበሉ ዕለት ኩነታት ጥዕናኩም እንታይ ከምዝመስል ሓበሬታ ዝህብ እዩ፡ ኣብቲ መግለጺ ጥዕና፣ ምስ ኩነታት ጥዕናኹም ዝተሓሓዘ ዝኾኑ ዋኒናት ሪፖርት ንክትገብሩ ብሕጊ ተደነጊጉ ይርከብ። ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ ጥዕና ጸገም ከምዝለኹም እንተፈሊጡ፣ ኣባልነትኩም ብ HMO ክስረዝ ይኽእለ እዩ።

ናብቲ ትልሚ እንተተመዝጊብኩም፣ ናይ 4 ኣዋርሕ ክፍሊት መድሕን ኣቐዲምኩም ክትከፍሉ ይግባእ፡ ቀጻልቲ ክፍሊታት ኣብ ሕድ ሕድ ወርሒ ኣብ ባንኪ ወይ ኣብ Meuhedet ክሊኒክ ብዴቢት ትእዛዝ ይፍጸም።

## ኣባልነት ምስራዝ፡

ካብ ኣባልነት ምስራዝ ብጽሑፍ ጥራሕ ክግበር ኣለዎ። ዝተፈረመ ናይ ኣባልነት ምስራዝ ቅጥዒ ምቕራብ ዘለኹም እንትኾን እቲ ምስራዝ ድማ ኣብ ቀጻላይ 30 መዓልታት ተፈጻሚ ይኸውን።

ስጋዕ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝኣክል ክፍሊት ውሕስና ዝተኣከበ እንትኮይኑ፣ ኣባልነት ይስረዝ።

ኣባልነትኩም ምንዋሕ ማለት ስጋዕ ዕለት ስረዛ ዘለኩም ዕዳ ከምዝተከፈለ ዘረጋግጽ እንትኾን፣ መግለጺ ጥዕና ወሲኹ ናይ ኣባልነት ምልክታኹም ዳግም ይምርመር።

ናትኩም መግለጺ ሓሶት እንተኮይኑ፣ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ሕማም እንተዘይገሊጽኩም፤ ወይ ሕክምና ዘድልዮ ጸገም ጥዕና ኣብ መጀመርታ መምርሒ ዕዳጋን ኣገልግሎት

ዓመት ኣባልነት (ናይ ብቕዓት ኣዋን) እንተተረኪቡ፣ Meuhedet ኣባልነትኩም ክሰርዝ ይኽእል እዩ።

## ሕክምናታት፡

በዚ ትልሚ ዝተጠቓለሉ ኣማዊል ዝቐርበሎም ናይ ሕክምና ኣገልግሎታት ብተወሰነ መጠን ምስ ሃገራዊ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ሕጊ ተመሳሳሊ እንትኾኑ፣ ኣብ Meuhedet ኣውደ ፋእሚ ዝተዘርዘሩ ፍሉይ ኩነታት ናይቲ ትልሚ ኣለዉ። ሕክምና ዝወሃብ ኣብ ውሽጢ እስራኤል ጥራሕ እዩ፣ እዚ ድማ ናይ ሕክምና ፈቓድ የድሊ።

ኣበዚ ሰነድ ዘሎ ሓበሬታ ንሓፈሻዊ ፍልጠት ጥራሕ ዝቐረቡ እንትኾን፣ ናይቲ ትልሚ ደንበታትን ኩነታት ድማ ኣብ ፍልፍላት እቲ ትልሚ ማለት ኣብ Meuhedet ኣውደ ፋእሚ ይርከቡ.